<u>ሕማም ደሓር</u>

ድሕሪት ተመሊስና ቅድሚት ተዘይጠሚትና
ምኽሪ ቀዳሞት ተዘይሰሚዕና ታሪኽ ተዘይፈሊጥና
ካብ ሕማቕን ጽቡቕን ትማሊ ተዘይተማሂርና
ንቕሓት ፍትሓውነት ድልዱል መሰረት ተዘይኣንጺፍና

ገሊና ተነፊሕና ብባዶ ትምክሕቲ
ገሊና ተቐርቂትና ኣብ ናይ ጽበት በዓቲ
መንነት ኣልቦ ምስ ዝነፈሰ ምንፋስ ተወላወልቲ
እንተኾይና'ወ ውጹዓት ንውጹዓት በደልቲ

መልሓስና ሰላም ባህሪና ኣንጻሩ
ንቑሓት ንመስል ኣብ ድሕረት ነንከራሩ
ከም ተበዓት ንፍክር ንመላኺ ንረሩ
መሕረዲ መሳኪን ንስሕል ካራሩ

እንተኾይና'ወ ብዙሕ ንዛረብ ቅሩብ ዘይንሰርሕ
ምጽማም ለሚድና መሓውርና ከየሳፍሕ
ከይተሰከፍና መን ከማና ንዝምር ንነብሕ
ሰብኣዊ ክብርና ተዋሪዱ ተኣሊኽና ኣብ ብትንሕ

ስነ-ሓሳብና ድሕረት ውጥና መዓልታዊ
ሽኻልና ጽልኢ ተበዲልና ነእዊ
ሓድነት ከይንገብር ከይነጥፈኦ ነቲ ሓዊ
ንጠንቂ ኢድ ንነስእ ንብሎ መርሃዊ

ስለዚ …

ደው ኢልና እንተዘይሓሲብና እንተዘይተማኺርና
ኣብ ዙርያዊ ስነ-ሓሳባዊ ፍልልያት ክንበሃሃል እንተዘይኪልና
ቅድሚ ግኡዝ መሬት ሰብኣዊ ክብረት እንተዘይ ሰሪዕና

ኣንፈት ሓቀኛ ሓድነት ስሒትና

ብጸቢብ ሃገራዊ ስምዒት ኣንጉዕ ውሑዳት ብምኻን

ከምቲ ካብ ስርዓት ደርግ ናብ ህግደፍ ቆንቋን

መለሳ ኣልቦ ካብ ቁንጪ ናብ ቱኻን

ክርሕቀናዩ ሓርነት ምሉእ ሰብ ንምኻን

እወ…

ሎሚ እንተዘየነጺርና ኣንፈት፡ ተዘይጸኒዕና ኣብ መትከል

ተዘይ ሃልዩና መንነት፡ ተዘይሃሪምናዮ ነቲ ሕማቕ ኣመል

ኣእምሮና እንተዘይ ተዳልዩ፡ ህዝባዊ ልኡላውነት ክቕበል

ክኸፍኣና'ዩ ሕማም ደሓር፡ ክንሓቁፍ ኢና እሾኽ ዓንዴል

ካብ ገበል ክንሃድም ክንጸድፍ ኢና ብገደል።

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 16-05 2018